**24 መጋቢት 2010**

## ሰሚናር ብዛዕባ ልምዓት ኤርትራ ንኣዕሩኽ ኤርትራ ኣብ ስኮትላንድ ተኻይዱ

20 መጋቢት **Development Strategies and the Challenges of Nation Building** ኣብ ብ ዝብል ኣርእስቲ ኣብ **Playfair Library, University of Edinburgh** ኣስታት 27 ኣዕሩኽ ኤርትራ ኣብ ስኮትላንድን 13 ኤርትራዊያን መንእሰያትን ዝተሳተፉዎ ሰሚናር ብኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ተኻይዱ። ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ሰሚናር **Mr. Gordon Peters** ዝተባህለ ተመራምሪ ንተሳተፍቲ እንቛዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል ኣገዳስነት ናይቲ ሰሚናርን ምሕዝነት ምስ ኤርትራን ኣብሪሁ። ብዛዕባ ኤርትራ ዝዝርጋሕ ኣብ ፍልጠትን ሓበሬታን ዘይተመርኮሰ ጎስጓስ ኣብ ምቕያር ዓቢ ኣበርክቶ ኪህልዎ ምዃኑ ድማ ኣገንዚቡ።

ኣምባሳደር ኣብ ዘቕረቦ መገልጺ ከም ድሕረባይታ ግሎባውን ዞባውን ኩነታት ብምዝርዛር፡ ንክውንነትን ብድሆታትን ልምዓታዊ ጉዕዞ ኤርትራ ብመንጽር ዕላማታት ህንጸት ሃገር ኣብሪሁ። ኣብቲ መግለጺ ኣመዓባባላ ኣብ ናጻን መስመር ዝተመርኮሰ ፖለቲክዊ ፍልስፍና ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ መስርሕ ህንጸት ሃገርን ሕቶ ሃገራዊ ድሕነትን፡ ዕዉት ልምዓታዊ ጉዕዞን መጽኢ ተስፋታት ዘላቒ ቁጠባ ኣብ ኣኤርትራ፡ ድኽነት ንምውጋድ ዝካየድ ዘሎ ስትርተጂ ማሕበራዊ ጽላት፡ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታትን ዝምድናታትን ኤርትራን ዞባዊ ስትራተጅን ኣመቱን ኣብሪሁ። እቲ ብ 1907/2009 ዝተሰመየ ብኣመሪካ ዝተዋደደ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ህዝቢ ኤርትራ ንምንብርኻኽን ጉዕዞ ልምዓት ንምኹላፍን ዝቖንዐ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ውሳኔ ምዃኑ መግለጺ ኣቕሪቡ። ኣብ መወዳእታ ብተሳተፍቲ ዝቀረበሉ ሕቶታት ድማ መሊሱ።

ተሳተፍቲ ዓሚቝ መረዳእታ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታትን ምዕባሌታትን ከምዝረኸቡ ብኣድናቖት ገሊጾም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ዝተራእየ ንልምዓትን ቱሪዝምን ኤርትራ ዝገልጽ ዝተፈላለየ ቪድዮታት ድማ ብኣድናቖት ተኻተቲሎም። ንኤርትራ ዝምልከት ምጡን ምርኢት ናይ መጻሕፍትን ጽሑፉትን ድማ ቀሪቡ። ኣብቲ ሰሚናር ሓድ-ሓደ ተሳተፍቲ ብፍላይ ድማ ገዲም መሓዛ ኤርትራ **Dr. Francis Roberts** ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ተመዝግቦ ዘላ ዕቤታት ብምግላጽ ምሉእ ሰላም ዝሰፈና ተበሃጊት ሃገር ከምዝኾነትን ኣብ ኤርትራ ከይዱ ንኽሰርሕ ድማ ድልው ከምዝኾነን ኣስፊሑ ገሊጹ። ሓደ ካብ ወደብቲ ሰሚናር **Mr. Michael Freudenberg**'ውን ከምዚ ዝኣመሰለ ሰሚናር ዘደንቕ ጻዕሪ ኤርትራ ዝሕብርን ንምስሊ ኤርትራ ድማ ዘብርህን ብምዃኑ ኣብ ዝመጽእ ብዝሰፈሐን ዝተወደበን መልክዕ ከምዝቕጽል ሓቢሩ። ውዳበ ኣዕሩኽ ኤርትራ ኣብ ስኮትላንድ ንምሕያል ከምዝስረሓሉ ድማ ኣረጋጊጹ። ድሕሪ ምዝዛም ሰሚናር ንተሳተፍቲ ኤርትራዊ እንግዶት ተገይሩ።

***Embassy Media Working Group (EMWG)***